Australian Government
Department of Home Affairs

# ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት

## ብሰንኪ ኮቪድ-19 ለውጢታት ኣብ ኣገልግሎታት

ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት ንዓማዊል ኣገልግሎት ቀጺሉ ኣሎ። እንተኾነ ብመሰረት ብወግዓዊ ዝወሃብ መምርሒታት ጥዕና ኣብ ኣገባብ ኣወሃህባ ኣገልግሎት ለውጢታት ክህሉ ይኽእል።

ብዛዕባዞም ሓደሽቲ ለውጢታት ንምፍላጥ **ንወሃቢ ኣገልግሎትኩም** በዚ ብቐጥታ ርኸብዎ።

ብዛዕባ **ኮቪድ-19ን ምልክታቱን** ንምፍላጥ ኣብዚ ኣቲኹም ሓበሬታ ርኸቡ።

## ሓፈሻዊ ሓሳብ

ናይ ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ነቶም ብሰብኣውነት ዝኣትዉን ካልኦት ዝምልከቶም ዝተሓላለኸ ጉዳይ ዘለዎም ሰብ ቪዛ ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታትn (SIS) ይህብ።

ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት (SIS) ኣብ ናይ ሓጺር እዋን ድሌታት ዓምዊል ዝምርኮስ ደገፍ ኮይኑ ነቶም ዓማዊል ንጉቡኣት ናይ ቀንዲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ከምዝራኸቡን ንዘለዎም ጠለብ ብዘይደገፍ ገዛእ ርእሶም ዝኽእልሉ ክእለት ከማዕብሉ ዝሕግዝ ኣገልግሎት እዩ። ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት (SIS) ኣብ ክንዲ ደፓርትመንት ጉዳያት ውሽጢ ዓዲ (ሆም ኣፈይርስ) ብፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ዝወሃብ ኣገልግሎት እዩ።

ናይ ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ኣገልግሎት ዝህቡ ኣበይ ከምዝርከቡን ብኸመይ ከምትረኽብዎምን ዝገልጽ ሓበሬታ **ኣብዚ መላግቦ ክጸንሓኩም እዩ**።

## ቅቡልነት

ካብዞም ዝስዕቡ ብሓዲኦም ቪዛ ዘለዎም ሰባት ናይ SIS ኣገልግሎት ክረኽቡ ቅቡላት እዮም:

- ብስደት ዝኣትዉ ቪዛ (ሳብክላስ 200, 201, 203 and 204)
- ዓለማዊ ፍሉይ ናይ ሰብኣዊነት ቪዛ (ሳብክላስ 202)
- ዑቕባ (subclass 866)
- ግዚያዊ ዑቕባ ቪዛ (ሳብክላስ 785), ብግዚያዊ ናይ ሰብ ኣዊነት ምጽናሕ ቪዛ (ሳብክላስ 449), ግዚያዊ ሰብኣዊ ኩነታት ቪዛ (ሳብክላስ 786) ከምኡውን ሰይፍ ሄቨን ኢንተርፕራይስ (ሳብክላስ 790).

ናይዞም ከምዚኦም ዝበሉ ቪዛ ዘለዎም ሰባት ካብቲ ናብ ኣውስትራሊያ ዝኣተውሉ ዕለት ወይውን ካብቲ ኣብ ዉሽጢ ኣውስትራሊያ ቪዛ ድሕሪ ምርካቦም ክሳብ ሓሙሽተ ዓመታት ናይ ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት (SIS) ክጥቀሙ ቅቡላት እዮም።

ኣብቲ ናይ ግዜ መቓንን ገለ ናይ ሳብክላስ ቪዛ ዘለዎም ብፍሉይ ኩነታት ቅቡልነት ክህልዎም ይኽእል እዩ። ናይ ኣውስትራሊያ ዜግነት ዘለዎም ኣብዚ ናይ ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት (SIS) ተጠቀምቲ ክኾኑ ቅቡላት ኣይኮኑን።

እቶም ንፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት (SIS) ተጠቀምቲ ክኾኑ ቅቡላት ክኾኑ ምስ ኣድላዪ ደገፋት ባዕሎም ክገብሩ ዓቕሚ ከምዘይብሎምን ብብዙሕ ነገራት ወይ ብዝተሓላለኸ ኩነታት ዓቕሚ ከምዝውሕዶም ከመስክሩ ኣለዎም፡ እዚኣቶም ከምዞም ኣብታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ጸገም ዘለዎም እዮም፥

- ስንክልና
- ኣዚዩ ጽኑዕ፡ ወሳኒ፡ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐን ወይውን ዘይእለን ናይ ጥዕና ኩነታት
- ናይ ኣእምሮ ጥዕና
- ግዳም ሓደራት ወይ ርጉእ መንበሪ ዘይብሎም
- ዘቤታዊን ናይ ስድራ ዓመጽን
- ናይ ቆልዓን መንእሰያት ድሕነት
- ናይ ስድራን ወይ ናይ ዝምድና ምፍልላይ
- ማሕበራዊ ተነጽሎ
- ፋይናንሲያዊ ጉዳያት
- ሕጋዊ ጉዳያት

## ንሰባት ናብ ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት (SIS) ክግልገሉ ዝመርሕ መን እዩ?

ዝኾነ ትካል ወይድማ ውልቀ ሰብ፣ ሓደ ሰብ ናብ ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት (SIS) ክመርሕ ይኽል እዩ። እዙይ ድማ ንዓርስኻ ምምራሕ ይሓውስ።

## ንሰባት ብኸመይ ናብ ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት (SIS) ክግልገሉ ይምርሑ

ናብ ናይ SIS ኣገልግሎት ንኽትረኽቡ ንምምራሕ, ኣብዚ መላግቦ ኣቲኹም **SIS መምርሒ (ሪፈራል) ፎርም** ምልኡ፡፡

እቲ ሰብ ናይ ፍሉይነት ዘለዎን ጽዑቕን ኣገልግሎታት (SIS) ኣገልግሎት ክረክብ ከምዝኽእል ትጠራጠሩ እንተኾይንኩም ፣ ወይከዓ እቲ ፎርም ንምምላእ ሓገዝ እንተድልይኩም ናይ SIS ሕቶ መስመር ብ1300 855 669 ብምድዋል ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት (ኣብ ዉሽጢ ኣውስትራሊያ ናይ ነጻ ምድዋል ዘኽእል'ዩ) ሓገዝ ምርካብ ይከኣል እዩ።

ነቲ ፎርም ብ ኦንላይን ኣብ ትመልእሉ እዋን ጸገም እንተጋጢምኩም ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብቑጽሪ 1800 020 283 ብምድዋል ወይ ብ-ኢመይል hspsystem.helpdesk@dss.gov.au. ናብ HSP ስይስተም ሀልፕደስክ ብምሕታት ሐገዝ ክርከብ ይከኣል እዩ።

እቲ ናይ ኦንላይን መምርሒ ፎርም ክትረኽብዎ እንተዘይኪኢልኩም በዚ መላግቦ ኣቲኹም **ናይ ወረቐት ፎርም** ክትመልኡ ትኽእሉ ኢኹም::

## እቲ ናይ መምርሒ ፎርም ተመሊኡ ምስተረከበ እንታይ እዩ ዝስዕብ

እቲ ደፓርትመንት ዝተመልአ ፎርም መስተቀበለ እቲ ናብዚ ኣገልግሎት ክረክብ ተመሓላሊፉ ዘሎ ሰብ/ሰባት ቅቡል ድዩ ኣይኮነን ምስመመየ፡ ነቲ ውጽኢት ናብቲ ዘመሓላለፈ ኣካል ይሕብሮ። እቲ ሰብ/ሰባት ነቲ ቅጥዒታት ቅቡልነት ዘማልአ ኮይኑ እንተረኺብዎ እቲ ደፓርትመንት እቲ ሰብ ናይ SIS ኣገልግሎት ንኽረክብ ናይ ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ወሃቢ ኣገልግሎት ይምድብሉ።

ሓደ ሰብ ነቲ ናይ SIS ኣገልግሎት ንምርካብ ዝወስድ ንውሓት ግዜ ከከም ናይ ዉልቀሰባት ጠለባት ይፈላለ እዩ፡ ብሓፈሻ ግና ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ይጸንሕ።